BBC LEARNING ENGLISH

# Essential English Conversation
## ስድራ-ቤት: መ ቕርብ

*This is not a word-for-word transcript*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ሰላም እንቋዕ ብድሓን ናብ መደብ Essential English Conversation መጻእኩም። እዚ ንተምሃሮ ቋንቋ እንግሊዘኛ ኣዝዩ ኣድላዪ ዝኾነ መደብ'ዩ። ኣነ ተመስገን እበሃል፡ ኣብ ናይ ሎሚ መደብ ብዛዕባ ቀረባ ኣዝማድኩም ንኸተዕልሉ እትኽእልሉ ኣገባብ ክትመሃሩ ኢኹም።
ሕጂ ክልተ ሰባት ብዛዕባ ኣዝማዶም ዝገበሩዎ ዕላል ንስማዕ።

***Julie***
*How many cousins do you have?*

***Chris***
*I have eleven cousins. How about you?*

***Julie***
*I have four cousins.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ዝኸብድ እንተ መሲሉ፡ ኣይትሻቐሉ። ነዚ ናይ ክልቲኦም ዕላል ከፋፊልና ብምቕራብ ንኽትለማመዱሉ ክንሕግዘኩም ኢና። ‘Cousin’ ዝብል ቃል ካብ ሓወቦ፡ ኣሞ፡ ኣኮ ከምኡ'ዉን ሓትኖ ንዝዉለዱ ዝገልጽ ቃል'ዩ። ንኽጥዕመና፡ ካብዚ ቀጺልና ናይ ቀረባ ኣዝማድ ኢልና ክንጽዉዖም ኢና።
ብመጀመርታ ጁሊ ን ክሪስ ክንደይ ናይ ቀረባ-ኣዝማድ ኣሎዉኻ ኢላ ሓቲታቶ። ‘How many cousins do you have?’ እዛ ሕቶ፡ ብዛዕባ ካልኦት ኣባላት ቤት-ሰብ ንምዉካስ'ውን ክንጥቀመላ ንኽእል ኢና። ኣስማት ናይ ዝተፈላለውዩ ኣባላት መቕርብኩም ሰሚዕኩም ድገሙ።

*ኣባሓጎ*
*grandfather*

*እኖሓጎ*
*grandmother*

*ኣሞ ወይ ሓትኖ*
*aunt*

*ሓወቦ ወይ ኣኮ*
*uncle*

*ወዲ-ሓዊ ወይ ወዲ-ሓብቲ*
*nephew*

*ጓል-ሓዊ ወይ ጓል-ሓብቲ*
*niece*


© British Broadcasting Corporation 2018

**ኣቓራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
'ክንደይ ዝኣኸሉ መቕርብ ኣሎዉኹም?' ዚብል ሕቶ ሰሚዕኩም ድገሙ።

*How many cousins do you have?*

**ኣቓራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ክሪስ ከምዚ ኢሉ መሊሱ - 'ኣነ ዓሰርተ-ሓደ ናይ ቀረባ ኣዝማድ ኣሎዉኒ' 'I have eleven cousins'. ኣስዒቡ ድማ 'ንስኺ'ኸ?' ኢሉ ሓቲቱዋ 'How about you?' ነዚ ሓረግ ሰሚዕኩም ድገሙ።

*I have eleven cousins.*

*How about you?*

**ኣቓራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ጁሊ ከምዚ ኢላ ንክሪስ መልሲ ሂባቶ፡ 'ኣነ ኣርባዕተ ናይ ቀረባ ኣዝማድ ኣሎዉኒ' 'I have four cousins.' ነቲ ሓረግ ሰሚዕኩም ድገሙ።

*I have four cousins.*

**ኣቓራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ግርም! ሕጂ ንመልሲታትኩም ምስ ካልኦት ሰባት ብዛዕባ መቕርቦም ዝሃቡዎ መልስታት ንምንጽጻር ስምዑ።

*How many aunts and uncles do you have?*

*I have two aunts and three uncles. How about you?*

*I have five aunts and two uncles.*

**ኣቓራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ሕጂ ደጊምና ንፈትን። ነቶም ምሉኣት ሓሳባት እንግሊዘኛ ሰሚዕኩም ድገምዎም። ንኹሎም ሓንሳእ ክንሰምዕዎም ኢና።

*How many cousins do you have?*

*I have eleven cousins.*

*How about you?*

*I have four cousins.*

**ኣቓራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ግርም! ካብዚ ዝተማሃርኩምዎ ክንደይ ከም እትዝክሩ እስከ ንርአ። ነቶም ሓረጋት ብቋንቋኹም ምስ ሰማዕኩም ናብ እንግሊዘኛ ተርጒምኩም ኣቕርቡዎም።

*ክንደይ ዝኾኑ ናይ ቀረባ ኣዝማድ ኣለውኹም?*
*How many cousins do you have?*

*ኣነ ዓሰርተ-ሓደ ናይ ቀረባ ኣዝማድ ኣለዉኒ።*


© British Broadcasting Corporation 2018

*I have eleven cousins.*

*ንስኺ'ኸ?*
*How about you?*

*ኣነ ኣርባዕተ ኣለዉኒ።*
*I have four cousins.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ብጣዕሚ ጽቡቕ! ሕጂ ንሰባት ክንደይ ናይ ቀረባ ኣዝማድ ከም ዘሎዎም ክትሓቱዎም ትኽእሉ። ንጁሊ መልሲ ብምሃብ ተለማማዱ። 'ክንደይ ዝኣኽሉ ናይ ቀረባ ኣዝማድ ኣሎዉኺ?' ኢልኩም ምሕታት ኣይትረስዑ።

*How many cousins do you have?*

*I have four cousins.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ግርም! ሕጂ ነቲ ዝነበረ ዕላል ብምልኡ ብምስማዕ ዘቕረብኩምዎም መልስታት ደጊምኩም ስምዑዎም።

***Julie***
*How many cousins do you have?*

***Chris***
*I have eleven cousins. How about you?*

***Julie***
*I have four cousins.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ጽቡቕ ስራሕ! ሕጂ'ምበኣር ንሰባት ክንደይ ናይ ቀረባ ኣዝማድ፡ ከምኡ'ውን ሓወቦታት፡ ሓትነታት፡ ኣኮታት፡ ኣሞታት ከም ዘለዉዎም ክትውከሱዎም ትኽእሉ። ዝተማሃርኩምዎ ደጋጊምኩም ምልምማድ ኣይትረስዑ። ምስ መሓዙትኩም ኳንኩም ብእንግሊዘኛ 'how many…do you have?' 'ክንደይ . . . ኣሎኩም?' ብምባል ተለማመዱ።
ኣብ ዝቕጽል መደብ Essential English Conversation ክሳብ ንራኸብ ሰሰናዩ። Bye!


© British Broadcasting Corporation 2018